## ዋዕላ ኣምስተርዳም
## ቅሚጦ ናብ ዓውዲ ወይስ ዓውዲ ናብ ቅሚጦ

ኣብ ጉዳይ ሓድነት ህዝብና ክንዛረብ እንከሎና፡ ኩሉ ግዜ ብመንጽሩ ናይ ዘሎ ተግባራት ነወግድን ንቃወምን ኣሎና ማለት'ዩ። እዚ ማለት ንሓድነት ክንብገስ ነልዕሎም ጭርሖታት ምልዕዓላትን ምትእኽኻብ ነቲ ክንበጽሖ ንደሊ ዕላማ ዘንጸባርቅ ምዃኑ ምፍላጥ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ዘሎና መድረኽ ምምዛንን ኣብ ግምት ብምእታው ቃልስታት ይካየድ።

ዋዕላ ኣምስተርዳም ሓደ ካብ'ቲ ኩሉ ናይ ሓድነት ዝዝውተር ዘተ'ምበር መጠቃላሊ ሓድነት ወይ ወዳኢ ዘተ ሓድነት ከም ዘይኮነን ብምርዳእ። ከም'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፈይ ዝገለጽክዎ። ዋዕላ ኣምስተርዳም ክንደይ ክቡር ግዜን ጉልበትን ገንዘብን ተኸፊልዎ ምዃኑን ከም ፍረ ድማ ክብሪ ናይ'ቲ ዝተኸፍለ ዋጋ ክርከብ ካብ ዝብል ሓሳብ'ዩ።

ካብ ውልቓ ሰባት ይኹን ውድባት ንዝመጻኩም ደገፍን ነቐፌታን ድማ ክትጻወሩን፡ እንተኽኢልኩም ግቡእ መልሲ ክትህቡ። እንተዘይኪእልኩም ክትህቡዎ ዘለኩም መልሲ ኣይጠፋኣኹምን'ዩ።

ብዕለት 21 ሰነ ኣብ ጽሑፋትኩም ኣስፊርክምዎ ዘለኹም፡ ድሮ ንዘይደገፉ ውልቀ ሰባትን ውድባትን ክትናኸሱ ጀሚርኩም። እዚ ሓደ ብሓቑ ካብ'ቲ ክትገጥምዎን ክትብድህዎን ዘለኩም ጉዳይ'ምበር ክትነፍግዎን ክትነጽግዎ ዘለኩም ሓሳብን ርእይቶን ኣይኮነን። ብሓቂ ንኩሉ ሰብ መልሲ ክትህቡ ግዜ ከም ዘይብልኩምን፡ ካላ ስራሃት ከም ዘለኩም ፍሉጥ'ዩ። ግን ከኣ ሓባራውን ናይ'ቲ ወሲድክምዎ ዘለኹም መርገጽ መነጸሪ፡ መከላከሊ መስሊ ክትህቡ ግድነት'ዩ።

ሓደ ሓረስታይ፡ ንቅሚጦ ተሰኪሙ ድዩ ናብ ዓውዲ ዘግዕዞስ፡ ወይ ዓውዲ ተሰኪሙ ናብ ቅሚጦ ዝወስዶ፡ ዋዕላ ኣምስተርዳም ኣብ ክንዲ ንቕሚጦ ዓውዲ ዘግዓዘ ኮይኑ ተሰሚዑኒ።

እዚ ምስ ቦታዊ ዝምድናታት፡ ዘይኮነ ምስ'ቲ ትካላዊ ኣሰራርሓን ዝምድናታት ዝምልከት'ዩ። እዚ ማለተይ ድማ፡ ምስ ኩሉ ድኽመታትን ሕጽረታትን ኣኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ከም መለለዩ ጽላል ሓድነት ምዃኑ ንኩሉ ርዱእ እዩ። እዚ ሓደ ናይ ሓድነት ቃልሲ ዝካየደሉ ኣኣውዲ ቃልሲ ማለት'ውን'ዩ። ምእንቲ'ዚ ኣቲ ኩሉ ሓይልታት፡ ብዝተሰረዐ ኣገባብ ደገፉ ነቐፌትኡ ሓይሉን ዓቕሙን ናብ'ዚ ዓውዲ ከተኾር ይግበኦ።
ምስ'ቲ ናይ ቦታዊ ዝምድናታት ዝተዛመደ ኣይኮነን ዝበልክዎ ዋዕላ ኣምስተርዳም ግድነት ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኤ.ዲ.ኪ ኣብ ሱዳን ስለ ዘሎ ኣብኡ ይኺድ ማለተይ ዘይኮነ፡ ግን ነቲ ትካላዊ ኣሰራርሓ ኪዳን ክኸተልን ምስ ኪዳን ብልዝብን ምርድዳእ ክግበር ነይርዎ ዝበልክዎ ንዕኡ እየ።

ኣብ ሓድነት ዘሎና ተርድኦ ኣብ ሰባት ናይ ዘሎ ኣተሓሳስባ ሓድነት ምቕያርን ምሕዳስን'ምበር ውድባት ብምቕያር፡ ወይ ኣገባብ ኣይኮነን። ካልእ ታሪኽ ጀብሃን ሻዕቢያን'ዩ፡ እቲ ታሪኽ ብረታዊ ተጋድሎና ኣይኮነን ከኣ ዘረሓሕቅን ዝፈላልን ዘሎ፡ ኣተሓሳስባ ውልቀ ሰባት እዩ። እቲ ክንቃለሶ ዘሎና ነዚ ሸነክ'ዩ። ታሪኽ ጀብሃን ሻዕብያን ኣሉታውን ኣውንታውን ሸነኻቱ ስለ ዘለዎ ከም ታሪኽ እንግልገለሉ መወከሲ ሰንድ'ምበር ንፈላለየሉ ጉዳይ ኣይኮነን። ፈቲና ጸሊእና፡ ነዚ ተምክሮ ታሪኽና ኣብ ሳንጣና ሒዝና ንጓዓዘሉ'ዩ። እዚ ፍልልያት ዝነበሮ ተመክሮ ታሪክ ብረታዊ ተጋድሎና ድማ ነቲ ሕጂ ንደልዮ ዘሎና ዓይነት ሓድነት ብዝያዳ ዕዙዝ ክገብሮ ይረኦ። ኣቲ ዘዕዝዞ ድማ ናይ'ዚ ፍልልይ ታሪኽና ኣብ ምጽባብ እነዘውትሮ ብልሒ፡ ዓቕሚ፡ ክእለት፡ እዩ።

ዝሓለፈ ታሪኽ፡ ክትቅይሮ ክትክእል ናይ'ቶም ብኡ ዝሓለፉ/ ዝሓለፉ ሓድነት ናይ ዘይተረጋገጸሉ ኣተሓሳስባ፡ ኣረዳድኣ ምቕያር'ዩ ክኸውን ዝግበኦ።
ጥብቆ 1ን 2ን ርአ።

ዋዕላ ኣምስተርዳም ናይ'ዚ ሰናይ ተጋድሎ፡ ጻዕርን ተጻዋርነትን ነይርዎ ኣንተዝኸውን። ክሳብ ምስ'ቲ መኸዳ ዝካየደሉ ዓውዲ ዝበጽሕ ነዚ ፈጺምዎ ዘሎ ክፋል ዋዕላ ጥራሕ ክገብር ኣይምተገደደን። ዋዕላ ኣምስተርዳ'ውን ብግሉጽ ጎደሎ ከም ዘለዎ ኩሉ ዝርእዮን ዝሰምዖን ዘሎ'ዩ። ነቲ ጎደሎ ክምላእ ድማ ክሳብ'ቲ ኣብ ዕጹው ማዕጾ ዘተ ንበጽሕ ክንከይድን ኣተን ኩለን ደንጎላታት ክፍንቀላን ክግልበጣን ክንገብር ይግባኣና። እዚ ከይፈጸምና፡ ኣብ ሓንቲ ጻልጣ ኣኼባ ንውድባት ውልቀ ሰባትን ክንፈርድን ክንውስንን ኣይንኽእልን። ኣሰናደውቲ ዋዕላ ኣምተርዳም ዓውዲ ዘተ ሃገራውያን ሓይልታት ንምምድማድ ብግሉጽ ሃገዝን ምትሕብባርን ኣንተዝሓቱ ነይሮም፡ ብሓቂ ክንደይ መልስን ክብርን ክዋህቦም ከም ዝነበሮም ኩሉ ይርደኣኒ።

ናይ ዝመጸ ይምጻእ። ናይ ዝኾረየ ይኹሪ ተባሂሉ፡ ከባብኻን ጎንድንታትካን፡ ናይ'ቶም ክጥርንፎም እትደሊ ሓይልታት ኣተና ልዕሊ ኩሉ ድማ ክብርን ቃልስን ኤ.ዲ.ኪ ኣብ ግምት ዘእተወ ምስ ዘይከውን፡ ኣቲ ዝካየድ ዋዕላን ዘተን ሓድነት ናይ'ቶም ኣብኡ ዝተረኽቡ፡ ምሕያል ሓደ ሽኻ ናይ ዝካየድ ጻዕርታት 'ዩ ክበሃል ይከኣል። እዚ ድማ ማዕረ ክንዲ'ዚ ዘምክሕ ኣይኮነን።

ጽባሕ ንግሆ'ውን እቲ ሎሚ ክትጽበይዎ ዝነበረኩም መልሲ ንምርካብ፡ ዋዕላ ኣምስተርዳም ኣብ ሓደ ደረጃ ስምምዕ ምስ በጻሕኩም ወከልትኹም ንኤ.ዲ.ኪ ክትሰዱ ከም ዝኾንኩምን። እቲ መልሲ ድማ እንታይ ክመስል ምዃኑ ሽዑ ንጽበዮን ክንርእዮን ምዃኑ ርዱእ'ዩ።

*መደምደምታ*

ኣብ መወዳእታ ድማ ዋላ ድሕሪ ማይ ንበዓቲ ኣንተኾነ፡ ነዚ ዳሕረዋይ መግለጺ፡ ዝተኸተለ፡ ካብ ንዕቕትን ድሕረትን ዝረሓቐ ኣተሓሳስባ ክኸውን ተስፋ ይገብር።

ሓሳብን ርእይቶን ክትቅበሉን ድማ ግድነት'ዩ። ትፈትዎ ወይ ትድገፍዎ ሓሳብ ጥራሕ ክትጽበዩ ድማ ኣይትሃቕኑ። ኣነ ብጊጋ ንዘቕርቦ ሓሳብ ብጊጋ ክትምልስሉ ዘይኮነስ፡ ኣብ'ቲ ሓሳብ ዘሎኩም ኣኽብሮ ብመጀመሪያ ክረኣን፡ ብድሕሪኡ ናይ'ቲ ብጊጋ ተረዲኡ ዝጸሓፈ፡ ንምንቃፍ ከእ ዓቕምን ሓይሊ ክህበኩም ንስለ ዝኽእል፡ ናይ ሎሚ ጽሑፋይ ብዛዕባ ዋዕላ ኣምስተርዳም ኣብ'ዚ ይድምድም።

**ጥብቆ ቁ. 1**

እዚ ሕጂ ኣብ መንጎ ጀብሃን ሻዕብያን/ህግደፍ ነበርን ካልእ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ምሁራትን፣ ወድበታትን ውልቀሰባትን ካልኦት ግዱሳት ደቂ ሃገርን ብተግባር ዝርኤ ዘሎ ንሕዝብና ሓድነት ጠንቂ ዝኾነ ዘየድሊ ጽልእን፣ ቅርሕንትን፣ ምጽላምን፡ምጥርጣርን ምክሳስን ጠፊኡን፣ ዕርቅን ሰላምን ንክወርድ ንምሕጋዝ እዩ።

**ጥብቆ ቁ2**

ንኣብነት ሓደ ካብቲ ናይ ዋዕላ ኣምስተርዳም ዓላማ እዚ ሕጂ ኣብ መንጎ ጀብሃን ሻዕብያን/ህግደፍ ነበርን ካልእ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ምሁራትን፣ ወድበታትን ውልቀሰባትን ካልኦት ግዱሳት ደቂ ሃገርን ብተግባር ዝርኤ ዘሎ ናይ ተቓላሊፍካ ምውዳቕን ንሕዝብና ሓድነት ጠንቂ ዝኾነ ዘየድሊ ጽልእን፣ ቅርሕንትን፣ ምጽላምን፡ምጥርጣርን ምክሳስን ጠፊኡ፣ ዕርቅን ሰላምን ንክወርድ ንምሕጋዝን ብሓባር ምስራሕን እዩ። ምርኻብን ኣብ ጠረጴዛ ኮፍ ኢልካ ፍልልይካ ምጽባብ ከምዝከኣልን ዘይፍታሕ ናይ ሕዝባዊ ሕቶታት ከምዘየሎ ኣብ ዋዕላ ኣምስተርዳም ተረጋጊጹ እዩ።

22 ሰነ 2006

*ኣንቶንዮ ተሰፋይ*